# ምሕጋዝ ውጉኣት ሓርነት ተበግሶ ሕዳር 2008

## ኣገዳሲ ሓጺር መብርሂ

ሳላ ውፉይ ተበግሶን ሓልዮትን ናይ ኣዝዮም ብዙሓት፡ እቲ ናይ ቀዳማይ ሽቶ ዕማምና ተዓዊቱ። ዓመታዊ ባጀት ናይ 2009 ተረጋጊጹ። ወፊያን ግን ይቕጽል ኣሎ።

ዓመታዊ ባጀት ናይ 2009 ተረጋጊጹ ኢልና ክንሕብር ከለና፡ ጌና ክምለስ ዘለዎ ናይ ቀጻልነት ሕቶ ምህላው ከይጠቐስናዮ ኣይንሓልፍን። እንታይ'ዩ ናይ ቀጻልነት ሕቶ?

1. ድሕሪ 2009፡ ደገፍናን ሓገዝናን ንውጉኣት ሓርነት ከመይ ኢሉ ኢዩ ክቕጽል?
2. ዘላቒ ፍታሕ እንታይን ከመይን ዝበለ ኢዩ? ወይ ብቐጻሊ ንውጉኣት ሓርነትና ኩሉ ኣኽለ-መሰለኦም ዝኸትት ውሕስነት፡ ከመይ ከነረጋግጾ ንኽእል?

ብውሕዱ ነዞን ሕቶታት እዚኣተንን፡ ብቕልጡፍ ምምላስ ኣገዳሲ ኮይኑ ኣሎ።

ነዚ ዝምልከት ካብ ኩሉኹም ግዱሳት፡ ብስልኪ ይኹን ብኢመይል ርእይቶታትን ሓሳባትን ሃረር ንብል።

### ነዞን ዝስዕባ ሕቶታት ዝምልከት ብዝቐልጠፈ ጸብጻብ ንህዝቢ ከነቕርብ'ና።

- ናይ 2009 ዓመታዊ ባጀት ተረጋጊጹ። እንተኾነ፡ ክንደይ ወጻኢ ኣሎና? ንምንታይን ስለምንታይን?
- ናይ ካናዳ ዶላር ናብ ናይ ኣሜሪካ ዶላር ብጽሩይ ብክንደይ ተቐይሩ?
- ናብ ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ዝተማሓላለፈ ገንዘብ ኣሎዶ? ክንደይ?
- ኣብ ኢድ (ሳጹን) ምሕጋዝ ውጉኣት ሓርነት ተበግሶ ሓዳር 2008፡ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ኣሎ?

ዝኾነ፡ ሕቶታትኩም ርእይቶታትኩም ሓሳባትኩም ኣይፈለየና!!

ምስ ብዙሕ ምስጋና